# ፕሮግራም ኤለክትሪክ

ኣብ እንዳሓደረ ዝለዋወጥ ጨንፈር ሙያ ተዋፊርካ ክትሰርሕ ትደሊ'ዶ?
ወጻኢ ኬድካ ናይ ምምሃር ወይ ምስራሕ ዕድል ኪህልወካ ትደሊ'ዶ?
ድሕሪ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምውዳእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር'ዶ ትደሊ?
ኣብ መጻኢ እዋን፡ ናትካ ትካል ክትከፍት ጥጡሕ ኣኽእሎ ኪህልወካ ትደሊ'ዶ?
ዳርጋ ኣብ መላእ ማሕበረ-ሰብና ጽልዋ ዘለዎ ጨንፈር ሞያ ተዋፊርካ ክትሰርሕ ትደሊ'ዶ?
እሞ ፕሮግራም ኤለክትሪክ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ኤለክትሪክ መሰረት ናይቶም ኣብ ብዙሕ ለውጠታት ዝርኣዮ ጨንፈር ዚርከቡ ሞያታታት ትመሃር። ኤለክትሪክ ኣብ መዓልታዊ ናብራ ዘለዎ ጽልዋ እንተስተንቲንካዮ፡ ማዕረ ክንደይ ሰፊሕ ጨንፈር ምኳኑ ይርድኣካ። ስለ'ዚ፡ ንዓኻ ዝሰማማዕ ሞያ ክትመሃር ገፊሕ ዕድል ኣሎካ። ብኡ'ቢልካ'ውን፡ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተሞክሮ ተጥሪ። ኣብ'ዚ ጨንፈር ሞያ'ዚ መሰረታዊያን ዝኾኑ ከም ድሕነት፡ልክዕነትን ኣገልግሎታዊ ሓልዮትን ትመሃር።

ፕሮግራም ኤለክትሪክ መሰረት ብምግባር፡ ዳርጋ ኣብ ዝደለኻዮ ክፍለ-ዓለም ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲእካ፡ ትምህርትኻ ክትቅጽል ወይ'ከአ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ኤለክትሪክ እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። ሓደሓደ እዋን ከም ተልመደን ኮይንካ ንሓደ ክልተ ዓመታት ትሰርሕ። ናይ ተልመደን መሃያ እንዳተዋህበካ ድማ ምስ ኣብቲ ጨንፈር ዚሰርሑ ኮይንካ ካብኦም ትመሃር። እዚኣቶም ኣብቲ ጨንፈር ንነዊሕ እዋን ዚሰርሑን፡ ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎምን'ዮም።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ኤለክትሪክ ምስወዳእካ ከም ኢንዱስትሪ-ኤለክትሪሻን፡ ኮምፒተር-መዋሃሃዲ፡ ኮመፒተር-ተክኒሻን፡ ኣላይ መርበብ-ኮመፒተር፡ ክኢላ-ኤለክትሪክ፡ ተክኒሻን-ሓለዋ፡ ተክኒሻን ሓይሊማይ፡ ክኢላ መሳልል(ሂስ) ኮንካ ክትሰርሕ ትኽእል።

ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እንተተማሂርካ፡ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ስራሓት ክትረክብ ገፊሕ ዕድል ኣሎካ። ትምህርቲ ኤለክትሪክ ዘለዎም ክኢላታት ኣብ ኩሉ ቦታ'ዮም ዚድለዩ።

እንታይ ዓይነት ስራሕ ከምእትደሊ ካብ ሕጂ ጀሚርካ ትፈልጥ እንተኾንካ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ ብዛዕባ ዘድለዩኻ ዓይነት ኮርሳትን፡ ኣንፈት ትምህርትን ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ኤለክትሪክ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ኤለክትሪክ ጥራይ ዚምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ፕሮግራም ኤለክትሪክ ኣርባዕተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ስለዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም ኤለክትሪክ ዝመሃሩ ክመርጽወን ይኽእሉ ማለት'ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዚሰማምዑ ሓያለ ኣንፈታት ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወከስ።
እተን ኣርባዕተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ምኽያነ (ኣውቶሜሽን) - ነቶም ኣብ ኢንዱስትሪ መስርሕ፡ ወይ ፋብሪካ መስንዕ፡ ከም ቴክኒሻናት መፍረ ኪሰርሑ ዚደልዩ

- ኮምፒተር-ቴክኒክ - ነቶም ብኮምፒተር ቴክኒክ ዚፍለጡ ስራሓት ከም እኒ ምውህሃድ-ኮምፒተርን ምሕደራ መርበብ ኮምፒተርን ኪሰርሑ ዚደልዩ

- ኤለክትሮኒክ - ነቶም ኣብ መዳያት መፍረ ኤለክትሮኒክ ብኣገልግሎትን ኣለይመለይን ኣቑሑ ኤለክትሮኒክ ኪሰርሑ ዚደልዩ

- ኤለክትሪካዊ ቴክኒክ - ነቶም ኣብ ስራሕ ኤለክትሪክ ብምትእትታው (ኤልኢንስታላሹን) ሓይሊ ኤለክትሪክን ቴክኒክ-ሓለዋን (ኣላርም) ኪሰርሑ ዚደልዩ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ኤለክትሪክ እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤ/ትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። ብኡ ኣቢልካ ድማ ምስ ዝተፈላለያ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት ሌላ ትገብር። እዚ ርክብን ሌላን ከኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። ኣብቲ ንስኻ እትቕመጦ ቦታ ዘለዋ ትካላት እንተደኣ ፍሉይ ስልጠና ዘለዎ ሰራሕተኛ ኣድሊዩወን እታ ቤ/ትምህርቲ ነዚ ኣብ ግምት ኣእትያ ነቲ ዚወሃብ ትምህርቲ ከተተኻኽሎ ትኽእል'ያ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ተደላይነት ሰራሕተኛታት ኤለክትሪክ ብዙሕ'ዩ ነይሩ። ግን'ከ ኣብዚ ጨንፈር ስራሕ ኪረኽቡ ዚደለዩ ብዙሓት ትምህርቲ ቀሲሚም'ዮም። ስለዚ ነዞም ሕጂ ፕሮግራም ኤለክትሪክ ዚመርጹ ስራሕ ኪረኽቡ ቁሩብ ጽንክር ይብል ይኸውን። ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላትካ በቲ ትመርጾን ትድልቦን ዓይነት ትምህርቲ'ውን ኪጽሎ ይኽእል'ዩ። ኩነታት እዚ ጨንፈር ስራሕ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ኪቀያየር ይኽእል'ዩ። ስለዚ ስራሕ ብቐሊሉ ዚርከብን ዘይርከብን ምግማት ኣጸጋሚ'ዩ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image